# ዓበይትን ናኣሽቱን ሃገራት

ክልት ሰባት ክበኣሱ (ክከራፈሱ / ክጠማጠሙ) እንኮለዉ ፤ ብዘይ ጸገም ደው ክብሎም ክዓርቆም / ክፈላሊዮም ዝኽእል ካብ ክልትኦም ዝሓየለ ሰብ`ዩ። ምኽንያቱ ካብቶም ተኸራፈስቲ ሓደ ኣይሰምዕን እንተ`ሉ ወይ ተገታቲሩ ክመጽ ዝኽእል ስለ ዝፈልጥ።

ክልተ ሃገራት ክከራፈሳ (ክዋጋኣ) እንኮለዋ`ኸ እተን ሓያላት ሃገራት ደው ክብለኤን ይኽእላ`ዶ ? !

ቅድሚ ነዚ ኣገዳሲ ሕቶ`ዚ ምምላስና ፤ ነተን ቅድሚ ምውገኤን ሽሕ ግዜ ዝሓስባ ፤ ክዋጋኣ እንተኾይነን ኣብዘይ ዓደንን ብዘይ ህዝበንን ዝዋጋኣ ዓበይቲ ሃገራት ካብዚ ሕቶ`ዚ ንግዜኡ ኣርሒቅና ፤ ብዛዕባ`ተን ብ 3ይ ዓለም ዝፍለጣ ዘይሰልጠና ሃገራት ክንዛረብ ኮና፤ እወ፡ ደው ክብለኤን ይኽኣላን ፈረቃን።

እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ፤ ኣብ 3ይ ዓለምና ወጽዓ ደው ክብልን ክብሪ ሰብ ክሕሎን ፤ ነቲ ኣብ ሃገረን ዘሎ ዝመስል ደሞክራሲ ስርዓት ከቆማ`ውን ይኽእላ እየን !

ንክገብረኦ ዝኽእላ ዘይገብረን ምኽንያት ደኣ እንታይ`ዩ ? !

- ቀዳማይ ነገር፡ እቲ ዘገድሰን ውግእናን ሰላምናን ኣይኮነን።እቲ ዘገድሰን ጠቕመን ኣብ ኣየንኡ ሃዋሁ እንተለና`ዩ ዝረጋገጽ ምግምጋም`ዩ`። በቲ መሰረት ግምጋመኤን ከኣ እጃምና ውግእ ወይ ሰላም ክኸውን ይገብረኦ።

- ንደሞክራሲ ብዝምልከት ብተለፎን ምልዓል ክረጋግጸኦ ዝኽእላ ነገር`ኳ እንተኾነ ፤ ክረጋገጽ ዘይደልየኦ ነገር`ዩ ። ምኽንያቱ ደሞክራሲ ነቲ ካብ 3ይ ዓለም ዝረኽበኦ ጥረ-ነገር ብቀሊል ዘይርከብን ኩቡርን ስለ ዝገብሮ እዚ ኸኣ ንመኽሰባተን ለጠቕ ከብሎ ስለ ዝኽእል፤ ስለዚ ኣብ ግዜ ስርቂ ህዝቢ ዘይርኢ ዘይሰምዕ ዝገብሩ መለኽቲ ኣብ ስልጣን ክህልዉ እየን ዝገብራን ዘገድሰንን ።

እዚ ጉዳይ`ዚ ነተን ዓበይቲ ሃገራት ከም “ሞት ሑጽይ” ስለ ዝኾነ ፤ ብጉሁድ ክዛረባሉ ዘጸግመን `ዩ ። ስለዚ ምስቲ ተግባራተን ዘይራኸብ፤ ...... ኣብ ዓለምና ደሞክራሲ ብዘይ ምርግጋጹ ዝወርድ ዘሎ ጸገማትን ስክፍተኤንን ዝገልጽ ጉባኤታትን መደራትን ፤ ብዓመታዊ መጽናዕቲ / ጸብጻብ ዝብል ስሩዕ ፕሮፖጋንዳ የካይዳሉ ። ሳላ`ቲ ከም ዝገዘኣና ከም ባራዩ ከም ዝጓረታናን ዘረሰዓና መራኽቢ ብዙሃን ጌረን ከኣ ተሓለቕቲ ውጹዓትን ፤ ደሞክራሲ ኣብ 3ይ ዓለም ክነግስ ከይደቀሳ ዝሓድራን መሲለን ክረኣያን ንብዙሓት ከእምናን በቂዔን እየን።

ነቲ ኣብ ሃገረን ዘሎ ናጻ መራኽቢ ብዙሃንን ፤ በቲ ግዙእ መራኽቢ ብዙሃን ስለ ዝዕብለል፤ እቲ ብደሞክራሲ ዝኣምንን ህዝቢ ከም ውጽኢት ናይቲ ፕሮፖጋንዳ 3ይ ዓለም ብልክዕ ከምዘይንሓስብ ! ኮታ ጸገምና ዳርጋ ካብ ተፈጥሮና ዝመንጨወ ምኺኑ ብዝርድእሉ መንገዲ`ዩ ዝቀርበሎም ። ስለዚ ኣብ 3ይ ዓለም ዝገብረኦ ምትእትታው “ ቅዱስ" ስራሕ`ዩ ! እታ ሃገር ዓዲ ኣስላም ወይ ዝበዝሐ ህዝባ ኣስላም ኮይኖም ከኣ`ሞ እቲ ምትእትታው ናይ “ቅዱስ ቁዱስ” `ዩ ። ምኽንያቱ ብዝግባእ ዝተነጸፈሉን ናይ ኣእምሮ ምሕጻብ ዝተገብረሎም ኣስላም ከይተረፉ ስለ ዘዋፍሩሉ።

- ብናተን ድልየት ኣብ ዝኾነት ሃገር ዝግበር በደል ይኹን ዕልዋ ምድጋፍ፤ ብ ህዝበን ይኹን በተን ነጻ ማዕከናት ስለ ዝኹነን / ስለ ዘይድገፍ ፤ ነቲ ተርእዮ ብቁጡብ ዝኾነ መልክዕ እናነቀፋ ብሉኡኻተን እየን ዝድግፈፎኦን ዘዔውተኦን ዝከላኻላሉን።

እዚ ኹሉ እንታይ ማለት`ዩ ?

- ኣብ ዓለምና ፍትሒ ንበይኑ ዓመጽ ንበይኑ ዝነብርሉ እዋን ከም ዘየለ ፤ እቲ ነቲ ዝዕብልለሉ እዋን ግና ከም ዘሎ ፤ ኣብዚ እዋን`ዚ ነጊሱ ዘሎ ኸኣ ዓመጽ ምዃኑ፤ ዓበይቲ ነይረን ዝነኣሳ ከም ዘለዋ ፤ እዘን ናይ ሎሚ ዓበይቲ ዝንእሳሉ ግዜ ከኣ ከምዘሎ።

- ንነፍስኻ ነጻ ሰብ ምግባር ማለት (ብተግባርን ኣተሓሳስባን) ፤ ኣብቲ ክህነጽ ዘለዎ ህንጻ ነጻነት / ፍትሒ ሓንቲ እምኒ ከም ምቅማጥ ምዃኑ ተረድእካ ፤ ኣብ ንለውጢ ዘምርሕ ጉዕዞ ነጻነት ሚዛን ሓይሊ ዘዛዝው ክትከውን ከም ትኽእል፤ ብኣንጻሩ ስቅ - እንታይ ኣእትዩኒ - ክትመሳሰል ምድላይ - ንዓይ ይጥዓመኒ - ንጭኮና ዘልምዕ ዱኽዒ ምዃኑ ፤

- ወስታና ነቶም ከም ኣቃሓ ዝርእዩና፤ ራህዋናን ጸገምናን ዘየገድሶም ገበቲ ሰጋእ ክብሉ ዝገብር ነገር ምዃኑ ።

- ነዛ ዓለም ካብ ኣብ ዝባና ተዋሪድካ ምንባር ፤ ከቢርካ ኣብ ትሕትኣ ምንባር ውጹዓት ከም ምርጫ ክውስድዎ ክጅምሩ እንኮለዉ ናይ ውርደት መወዳእታን ናይ ፍትሒ መጀመርታን ምዃኑ ምርግጋጽ ማለት`ዩ ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! ! !

AAHafiz